## § 1 ስም ቦታ ምዝገባ

## ስም ማኅበር፥ ማሕበር ማርያም መግደላዊት ኤርትራውያን ሃገረ ጀርመን ( ብሔረ ኣልማንያ)። (ማ/ማ/መ/ኤ/ጀ)

ማእከላይ ቦታ ቤ/ጽ ማሕበር ፍራንክፈርት ይኸውን።ኣብ ዝምልከቶ ክፍሊ መመዝገቢ ትካል ምምሕዳር ከተማ ፍራንክፈርት ውን ይምዝገብ።

ኣገልግሎት ስራሕ ማሕበር ንኽልተ ዓመት ይኸውን። ማሕበር ኣብ ካልእ ቦታታት ናይ ጀርመን ጨናፍር ክህልዋ ይኽእል።

### § 2 ዕላማታት ማሕበር

- ምስፍሕፋሕን ምምዕባልን ሃይማኖት
- መንእሰያት ምሕብሓብን፡ ኣረጋውያን ምእመናን ምሕጋዝን ምእላይን።
- ዝምድና ምስ ካልኦት የሕዋት ምምስራት፡ እዚ ድማ  ብመንፈሳዊ ክብርን ምትሕብባርን ባህላዊን ሃይማኖታዊ ምልውዋጣትን ከተግብር ይኽእል።
- ንረብሓ ሕዝቢ ብቕዱስ ሃይማኖታዊ እምነት ብምብጋስ፡ ንጽጉማትን ኣካለ ስንኩላንን ንምሕጋዝን ምእላይን ምትብባዕን።
- ህዝባዊ ተቐራብነት፡ ንረብሓ ህዝቢ ምጥርናፍን ምምዕባልን፡ ብቕዱስ ሃይማኖታዊ ተበግሶ ብምንቃል ንጽጉማትን ኣካለ ስንኩላት ምሕጋዝ።

### § 3 ዕላማ ኣብ ተግባር ስራሕ ምውዓል ብዝምልከት

- ባህልን፡ ኣኼባታትን፡ መዝሙር ናይ ቤተ ክርስትያን።
- ንጽጉማትን ሽጉራትን ብናጻ ምግልጋልን ምሕጋዝን።
- ኣብ ቤተ ክርስትያን ምግልጋል ቤተ መቕደስ ምስላም፡ ስርዓተ ቅዳሴ ምኽባር፡ ቅዳሴን ትምህርት ሃይማኖትን ምስትምሃር፡ ንብረት ቤተ ክርስትያን ብስርዓት ምሓዝ፡ ስርዓተ ሞትን ተዝካረ ምውታንን ምኽባር።
- ቃል ወንጌል ምስባኽ፡ ተዋሕዶ ሃይማኖት ምስትምሃርን ምስፍፋሕን። ንኣመንቲ ኣብ ሃይማኖቶም ጸኒዖም ሕግን ሥርዓትን ሃይማኖቶም ንኽሕልው ምጽዓር። መንፈሳዊ እምነትና ብልክዕን ብግቡእን ተረዲእና፡ ነዚ ፍልጠት'ዚ መሰረት ንምግባር ንኣመንቲ  ምሉእ መንፈሳዊ ኣገልግሎት ምሃብ።
- ኣገልግሎት ንሕዝቢ ከም ስብሓታት, ቅዳሴ, ጥምቀት, ንስሓ, ቃል ኪዳን, ኑዛዜ, ቀብሪ ንዝሓመሙን ንዝደኸሙን ምብጻሕ፡ ንዝሓዘኑ ምጽንናዕ፡ ከምኡ ድማ ንእሱራትን ንጽጉማትን ጸሎትን ሞራል ምሃብን ምብጻሕን ይኸውን።
- መንእሰያትናን ሕጻናትናን ኣብ ግዜ ንእስነቶም ዘድሊ ሃይማኖታዊ መንፈሳዊ ትምህርቲ ምስትምሃር። ኣብ ሃይማኖቶም ክጸንዑ ምጽዓር። ብሃይማኖትን ብሞራልን ክዓብዩን ክመሃሩን ምግባር። ምስ ካልኦት ሃይማኖታት ክርስትና
ውን ናይ ሓሳባት ምልውዋጥ ምግባር ወዘተ ይኸውን።
- መንእሰያትን ህጻናትን ብዝበለጸ ኣገባባት ምእላይ፡ ብፍላይ መንእሰያትን ህጻናትን  ኣብ ሃይማኖቶምን እምነቶም፡ ሃይማኖታዊ ኣስተምህሮ ምስ ዝረኽቡ ዝያዳ ክምዕብሉ ይጽዕር። ንኣምነት ናይ ዕዮ ገዛ፡ ሓገዝ ናይ ስእልን ኣርትን፡ ናይ መዘምራን ማኅበር ምስ ዝምስርቱ።

## § 4.0 ክብጻሕ ዝድለ መደባት

1. ማኅበር ንመኽሰብ ወይ ረብሓ ዘይዓለመ ንጥፈታት የካይድ። ብ 1977 ዝወጸ ናይ ቀረጽ ሒጊ ጀርመን ድማ ይቕየድ።

2. ኣገልገልቲ ማኅበር ብዘይክፍሊታዊ ጻማ የገልግሉ፡ ዕላማ ማኅበርና ብመሰረቱ ንምምዕባል ሃይማኖትናን ማሕበርናን ስለ ዝኾነ ንብረት ማሕበር ብመሰረት ሕጊ ማኅበር ተቐይዱ ይመሓደር።

3. ኣባላት ማኅበር ብናይ ማኅበር ሕጊ ተቐይዶም ብናጻ ንማሕበር ይገልግሉ ይግባእ። ኣባላት ማኅበር ኣባልነቶም ምስ ዝስርዙ ወይ ማኅበር ምስ ዝፈርስ ዝኾነ ዓይነት ምቅሊት ኣይወሃቦምን።

4. ንዝኾነ ሣልሳይ ኣካል ንማሕበር ብዘይምልከት ምኽንያት ገንዘብ ማኅበር ክወሃቦ ኣይፍቀድን። ዓቐን ዘይብሉ ንዝሰርሖ ስራሕ ክኽፈሎ ኣየፈቅድን፡ ዘየዲሊ ሓለፋ ክግበረሉ ኣይግባን።

5. ሸማግለ ማሕበር ብዘቕረብዎ ቅብሊት ዘውጽእዎ ሕሳብ ግቡእ መረጋገጺ ክቕርቡ ይግባእ።

6. ምቕያር ዕላማ ማኅበር ብውሳኔ ምሉእ ኣባላት ማኅበር ብዘጽደቕዎ ውሳኔ ጥራሕ እዩ ዝቕየር፡ እዚ ድማ ቅድሚ ሽዱሽተ ወርሒ ብጽሑፍ ክሓቱ ይግባእ፡ መልሲ ክወሃቦም ድማ ኣቐዲሞም ክሓቱ ኣሎዎም።

7. ማሕበር ኣባልነቱ ኣብ ናይ ጀርመን ግብረ ሰናይ (DPMV) ከመልክት ኣለዎ።

8. ማሕበር ምስ ዝፈርስ ወይ ናይ ቀረጽ ነጻ ምኻን ምስ ዝሕደግ፡ ንብረት ንማኅበር ሃመር ፎርም ምዝጉብ ማሕበር ካልደንሆፈር ሸግ 118 ኣብ 59063 ሃም ይወሃብ። ቍጽሪ መዝገብ 322/5935/0288 ይወሃብ።

## § 5.0 ሓገዝቲ መወልቲ ኣባላትን ግብረ ሰናያትን

ሓገዝቲ ወይ መወልቲ ኣባላት ግብረ ሰናያትን ተራ ውልቀሰባት ብዘይ ኣፈላላይ፡ ናይ ዜግነት ዓሌት ሃይማኖት, ጾታ,ፖለቲካ, ወዘተ ወይ'ውን ማኅበራት ነቲ ዕላማታት ናይ ማኅበር ዝድግፉ ክኾኑ ይኽእሉ። ድምጺ ናይ ምሃብ መሰል የብሎምን። ከም ኩሎም ኣባላት ማኅበር ግን ብዛዕባ ንጥፈታት ወይ ኣበርክቶ ናይ ማኅበር ክፈልጡ መሰል ኣለዎም። ከምኡ'ውን እንተደልዮም ነቲ ዓመታዊ ገንዘባዊ ጸብጻባት ክርእዩ ይኽእሉ ኢዮም።

## § 6. ኣባልነት

1. ኣባላት ማኅበር 18 ዓመት ዝመልኡ፡ኤርትራዊ መበቆል ዘለዎምን፡ ካልኦት ዜጋታት ከምኡ'ውን ስድራ ቤቶም ንሕግታት ማኅበር ዝቕበሉን ዝድግፉን፡ ክኾኑ ኣለዎም። ኣብ መንጎኦም ድማ፡ ሕድሕዳዊ ምክብባር ይህልዎም።

2. እቶም ኣባላት ዝኾኑ በቲ ናይ ማኅበር ውሳኔታት ውዕላትን ቅዩዳት ይኾኑ።

3. ኣባላት ማኅበር ዕላማታት ማኅበር ንምትግባር ብትግሃት ይንቀሳቐሱ፡ ዝከኣሎም ደገፍ እውን የበርክቱ።

**§ 7 ምዝገባ ኣባልነት**

1. ኣባልነት ማኅበር ብጽሑፍ ናብ ኣካያዲት ማኅበር ይቕርብ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ድማ፡ ብዛዕባ ምቕባሉን ዘይምቕባሉን ውሳኔ ይወስድ።

2. ኣካያዲት ሸማግሌ ናይ ኣባልነት ካርድን ናይ ማኅበር ቅዋም ብጽሑፍ ናብቲ ሓዲሽ ኣባል ብምስዳድ ኣባልነቱ ተረጋግጸሉ።

3. ኣባልነት ነቲ ክፍሊት ማኅበር ድሕሪ ምኽፋል የረጋግጽ።

**§ 8 ምዕጻው (ምውጻእ) ኣባልነት**

1. ኣባልነት ብሞት ምስ ዝፍለ

2. ካብ ማኅበር ምውጻእ፡ ብጽሑፍ ናብ ኣካያዲት ሸማግለ ምስ እተቕርብ። እቲ ጽሑፍ ናብ ኣካያዲት ሸማገለ ምስ በጽሔ ኣብ መወዳእታ ናይቲ ዝበጽሓሉ ወርሒ ቅቡል ይኸውን፡ እቲ ክፍሊት ድማ ክሳብ ሽዑ ይኽፈል

3. ምስራዝ ኣባልነት
ሓደ ኣባል ን 6 ተ ኣዋርሕ ዝኣክል ክፍሊት ማኅበር ምስ ዘይ'ከፍል፡ ድሕሪ ክልተ ጊዜ መጠንቀቕታ ምሃብ ብኣካያዲት ሸማግለ ኣባልነቱ ክስረዝ ይከኣል።
ማኅበር ኣብ ዘይፈልጦ ቦታ ዝቐየሩን፡ ንሓደ ዓመት ዝኣክል ደሃይ ዘይገበሩን ካብ ኣባልነት ይወጹ።

4. ምስጓግ ኣብ ምምሕደር ዝሰርሕ ኣባል
ሓደ ኣባል ሒጊ ማኅበር ምስ ዝጥሕስ ወይ'ውን ንረብሓ ናይ ማሕበር ዝሃሲ ከቢድ ነገር ምስ ዝፍጽም ካብ ማኅበር ይስጐግ።ኣካያዲት ሸማግለ ድማ ምኽንያት መስጐግኡ ዝገልጽ ጽሑፍ ብናይ ሓደራ ደብዳቤ ይስደደሉ።
ኣብ ማኅበር ሒጊ ወጻኢ ካብ ዘምጽእ ጠባያት ወዘተ,
እቲ ኣባል ድማ ኣንጻር ናይ ምስጓግ ውሳኔ ኣብ ውሽጢ ኣርባዕተ ሰሙናት ይግባይ ናይ ምባል መሰል ኣለዎ። ምርድዳእ ምስ ዘይርከብ ድማ ጉባኤ ይውስኖ።
እቲ መስርሕ ናይ ምስጓጉ እንተኻየደ እንከሎ፡ እቲ ኣባል ካብ ኩሉ ስራሓት ናይ ማኅበር ይእለ፡ ስራሕ ማኅበር ክካየድ ኩልኩል እዩ።

**§ 9 ኣካላት ማኅበር**

ኣካላት ማኅበር እቶም ዝስዕቡ ኢዮም።

- ጉባኤ ማኅበር
- ኣካያዲት ሸማግለ

**§ 10 ጉባኤ ማኅበር**

1. ኣኼብ ምጽዋዕን ኣተገባብርኡን ወይ ኣፈጻጽምኡን
2. ስሩዕ ኣኼባ ኣባላት (ጉባኤ) ኣብ ዓመት ብውሕዱ ሓደ ግዜ ይኸውን።
ኣካላት ሸማግለ ድማ ቅድሚ ዓርባዕተ (4) ሰሙን ናይ ጉባኤ ዕለት ወይ ቆጸራ ንኣባላት ብጽሑፍ ይዕድም።እቶም ዝዕደሙ ኣብቲ እዋናዊ ማኅበር ዘለው ኣባላት ኢዮም።እቲ ናይ ዕድመ ደብዳቤ ኣብቲ ኣባል ዝሃቦ ናይ መወዳእታ ኣድራሻ ይለኣኽ።

3. ሓደ ሲሶ 1/3 ካብ ኣባላት ካብ ሕዝቢ ብጽሑፍ ጉባኤ ክካየድ ኢሎም ምስ ዝሓቱ ኣካያዲት ሸማግለ ካብ ምዱብ ጊዜ ወጻኢ ዝኾነ ክትጽውዕ ትኽእል።

4. ኣብቲ ዝለኣኽ ናይ ምጽዋዕ ደብዳቤ፡ ኣካያዲት ሽማግለ ዕለትን ቦታን ግዜን ከምኡ ውን ንዝርርብ ዝቐርብ ነጥቢታት (ኣጀንዳ) ናይቲ ጉባኤ ክጥቀስ ኣለዎ። ተወሳኺ ነጥብታት'ውን ካብ ጉባኤኛታት ካብቶም ዝተረኽቡ ካብ ½ ንላዕሊ ዝተሰማምዕሉ ይረግእ።

5. ጉባኤ ቅሉዕ ወይ ንዝኾነ ሰብ ክፉት ኣኼባ ኣይኮነን፡ እቶም ኣብ ጉባኤ ዝርከቡ ኣባላት ምሉእ መሰል ናይ ብነጻ ምክታዕን ምድማጽን መሰል ዘለዎም እቶም ምዝጉባት ኣባላት ኢዮም። ብስምምዕ ናይ ኣባላት ግን ዘይማኅበርተኛ ክሳተፉ።

6. ናይ ምድማጽ መሰል ዘለዎ ኣባል ካብ ሰለስተ ወርሒ ንላዕሊ ክፍሊት ማኅበር ግቡኡ ዘማልኤ ሰብ እዩ።

7. ነብሲ ወከፍ ኣባል ሓንቲ ድምጺ ትህልዎ። ብውሕዱ ፍርቂ ኣባላት ማኅበር ምስ ዝርከቡ ጉባኤ ይካየድ፡ ክውስን ውን ይኽእል ንነብሲወከፍ ኣባል ማኅበር ብጽሑፍ ናይ ዕድመ ደብዳቤ ክጸሓፈሉ ኣለዎ።
ምልኣተ ጉባኤ ምስ ዘይርከብ ግን ኣካያዲት ሽማግለ ኣብ ውሽጢ ዓርባዕተ ሰሙናት ካልእ ጉባኤ ክትጽውዕ ትኽእል። በቶም ዝተረኽቡ ኣባላት ድማ ጉባኤ ይካየድ።

ኣካያዲት ሽማግለ ግን ኣብቲ ናይ ጻውዒት ደብዳቤ ኣቐዲማ ንኣባላት ክትገልጽ ኣለዋ። ኣብ ነብሲ ወከፍ ጉባኤ ኣስማት ተሳተፍቲ ምምዝጋብን ጸብጻባት ናይቲ ጉባኤ ምሓዝን የድሊ።ኣቐዲምካ ኣብቲ ዝግባእ ጊዜ ዕድመ ምልኣኽ ናይ ምውሳን ኩነታት ምምዛን ሓደስቲ ኣባላት ምቕባል የዲሊ።እቲ ቅጥዒ ዝወዓለ ኣገባብን ነብሲ ወከፍ ዝተዋህበ ድምጽን ብጺሒትን ኣብ ፓርቶኮል ክተሓዝ ኣሎዎ። ቅዋም ማኅበር እንድሕሪ ተቐይሩ እቲ ኣገላልጻ ቃላት ብንጹር ክቕመጥ ኣለዎ። እቲ ዝተኻየደ ፕርቶኮል በቶም ነቲ ፕርቶኮል ጉባኤን ዝመርሑ ዝነበሩ ክፍረም ኣለዎ።

8. እቲ ጉባኤ ባዕሉ ውሽጣዊ መምርሒ (ኣጀንዳ) ክውጽእ ይኽእል እዩ።

## § 11 ክፍሊት ኣባልነት

1. ናይ ኣባልነት ክፍሊት ብግባኤ ማኅበር ይውሰን። ናይ ኣባልነት ክፍሊት ኣብ ቍጽሪ ሕሳባት ናይ ማኅበር ናብ ባንክ ይለኣኽ፡ ወይ'ውን ኣብ ካሳ ማኅበር ይኽፈል፡ ቀብሊት ድማ ይወሃቦ። ብቑዕ ምኽንያት ዘለዎ ማለት ክኽፍል ከም ዘይክእል ጸገሙ ወይ ጥርዓኑ፡ ናብ ኣካያዲት ኣካል ማኅበር ብምቕራብ ንዝተወሰነ ጊዜ ካብ ክፍሊት ማኅበር ነጻ ክኸውን ይከኣል ኢዩ።

-

## § 12 ምልክታ ምቕራብ

1. እቲ ዝቐርብ ምልክታትን (ሕቶታት ርእይቶታት ጥርዓናት) እንተደንጉየ ክልተ ሰሙን ቅድሚ ጉባኤ ምክያዱ ናብ ኣባላት ብጽሑፍ ክበጽሖም ይግባእ፡ ካብኡ ንደሓር ደንጉዩ ዝቐረበ ምልክታት ኣብ ግምት ኣይኣቱን ኢዩ።

## § 13 ዕማም ወይ ስራሕ፡ ሓፈሻዊ ጉባኤ

1. ጉባኤ እቲ ዝለዓለ ኣካል ማኅበር እዩ፡ እቶም ኣገደስቲ ጉዳያት ማኅበር ድማ ይውስን። ብዛዕባ ኣብ ዝመጽእ ዓመት ክዕመሙ ዝግብኦም ጉዳያት ይውሰን፡ ካብ መዓልታዊ ንጥፈታት ማሕበር ወጻኢ ዝኾኑ ዓባይቲ ፕሮጀክትታት መደባትን

ይሕንጽጽ።

2. በቶም ኣብ ጉባኤ ዝተመርጹ ተወከልቲ ጉባኤ ኣቢሉ ድማ ብመሰረት ቅዋም ማኅበር ንዝካየድ ስርሓትን ዕላማታትን መድባትን ምምሕዳር ማኅበርን ይከታተል፡ ኣካያዲት ሽማግለ ብውሕዱ ሓደ ግዜ ኣብ ዓመት ዓመታዊ ሓፈሻዊ ጸብጻባን ናይ ቊጠባዊ ምንቅስቓሳት፡ ከምኡ'ውን ናይ ሕሳባት ገንዘብ ጸብጻባት ናይ ጉባኤ ተቕርብ፡ጉባኤኛታትድማ ነቲ ዝቐረበ ጸብጻባት መርሚሮም የጽድቕዎ።

3. ጉባኤ አድላዪ ኮይኑ እንተረኺቦ ነቲ ናይ ሕሳባት ጉዳያት ዝጻርዩ እንተጠለበ 3 ሰባት መርጹ ክምዘዝ ይኽእል።

4. ጉባኤ ንኣካያዲት ሽማግለ ይመርጽ፡ ብጠለብ ናይ ኣባላት ድማ ብዛዕባ ካልኦት ኣካላት ናይ ማሕበር ውሳኔታት ክሓልፍ ይኽእል።

5. ጉባኤ ብዛዕባ ምቅባል ናይቶም ነቲ ማሕበር ዝደጋገፉን ዝሕብሕብዎን ዝምውልዎን ኣባላት ይውሰን።

6. ጉባኤ ብዛዕባ ሓደስቲ ኣባላት ምቕባልን ምንጻግን ወይ'ውን ብዛዕባ ምስጓግ ናይ ዝነበሩ ብኣባላት ይውሰን። እታ ጉባኤ ንዝመጽእ ዓመት ዝኸውን ንድፊ ባጀት ትስልዕ፡ እታ ዝተመርጸት ሽማግለ ናይ ወጻኢታት ዝርዝር ናይ ጉባኤ ተቕርብ።ጉባኤ ብዛዕባ መጠን ክፍሊት ማሕበርን ብዛዕባ ኣጠቃቅማ ገንዘብ ማሕበርን ትውሰን፡ ምምሕዳር ሽማግለ ናይ ዓመት ወጻኢታት ውጥን ተውጽእ።

7. ጉባኤ ብዛዕባ ምምሕያሽ ወይ ምቕያር ቅዋም ወይ'ውን ብዛዕባ ምፍራስ ማሕበር ይውሰን።

§ **14** ምምሕያሽ ቅዋም ወይ ምፍራስ ማሕበር

1. ምምሕያሽ ቅዋም ማኅበር ወይ ምፍራስ ማኅበር ብድምጺ ናይ 2/3 ኣባላት ጉባኤ ይውሰን። ኣብቲ ጉባኤ ግን ብውሕዱ ፍርቂ ኣባላት ማኅበር ክርከቡ ኣለዎም።

2. ብዛዕባ ምምሕያሽ ቅዋም ዝምልከት ነቶም ተሳተፍቲ ጉባኤ ዝኾኑ ኣባላት ማኅበር ኣቐዲሙ ብጽሑፍ ምስቲ ናይ ዕድመ ደብዳቤ ተገሊጽሎም ክጸንሕ ኣለዎ። ከምኡ'ውን እቲ ህልው ቅዋም ማኅበርን እቲ ሓዲሽ ንድፊ ናይ ምምሕይሽ ምስኡ ተታሒዙ ኣቀዲሙ ክቀርበሎም ይግባእ።

ጉባኤ በቲ ዝተዋህበ ውሳኔ መሰረት ካብ ፍርቂ ንላዕሊ ምስ ዝኸውን ድምጺ ውሳኔ የሕልፎ፡ ናይቶም ድምጺ ዘይሃቡ ሰባት ኣብ ግምድ ኣይኣቱን ኢዩ። ድምጺ ምሃብ ኢድካ ብምልማል፡ ዝበዝሑ ኣባላት እንተደሊዮም ግን ብስቱር ብወረቐት ይኸውን።

§ **15** ኣካያዲት ሽማግለ

1. ኣካያዲት ሽማግለ ማኅበር ኣብ ጉባኤ ትምረጽ፡ ኣገልግሎት ድማ ንክልተ ዓመት ይኸውን፡ ክሳብ ሓዳስ ሽማግለ ትምረጽ ድማ ኣብ ሓላፍነት ትጸንሕ፡ ብሓሙሽተ ሰባት ድማ ትቐውም።
ኣቦ ወንበርነታ ድማ ካህን ወይ ዲያቆን ቀዳምነት ዕድል ይወሃቦም። ንሳቶም ድማ ኣብ ሕጸ ክቐርቡ ኣሎዎም።

2. ኣማራርጻ ሽማግለ ኣስማት ናይቶም ሕጹያት ኣብ ሊስታ ብምቕራብ ይኸውን። እቶም ካብ መዋዳድርቶም ዝበዝሕ ድምጺ ዝርከቡ ኣባላት ድማ ይምርጹ።

3. እታ ሽማግለ ብኣቦ ወንበርን ምክትል ኣቦ ወንበርን ዋና ጸሓፍን ተሓዝ ገንዘብ ሓደ ኣባልን ትቐውም፡ ካልኦት ክልተ ቅያር ኣባላት'ውን ክምራጹ ይኽእሉ። ኣማራርጽኦም ካብቶም ኣብ ሊስታ ናይ ምርጫ ዘለው ዝበዝሔ ድምጺ ምስ ዝረኸቡ እዮም።

4. እቶም ሽማግለ ዝወዳደሩ ኣባላት ኣብ ጉባኤ ይርቁሑ፡ ወይ ከኣ ባዕላቶም ንነብሶም ይሓጽዩ።

## § 16 ስራሕ ኣካያዲት ሽማግለ

1. እታ ሽማግለ ነት ስርሓት ናይ ማሕበር ተወሃህድ፡ ከምኡ'ውን እተን ካልኦት ኣካላት ማኅበር ኣብ መንጎኦን ናይ ሓበሬታ ምልውዋጥ ክገብራ ትጽዕር። እታ ምምሕዳር ሽማግለ ነቲ ማሕበር ኣብ ውሽጢ ማሕበርን ንደገን ትውክሎ። ኣካያዲት ሽማግለ ናይ ማሕበርዊ ጉዳያትን ሓበሬታ ምሃብን ንሓደስቲ ሰባት ምምዝጋብን ምጉስጓስን ሓላፍነት ኣለዋ።

2. ኣካያዲት ሽማግለ ንብረት ማኅበር ተመሓድር።

3. ማኅበር ብመሰረት ምዕራፍ §26 ናይ ጀርመን ሲቪላዊ ሕጊ መሰረት ብኽልተ ኣቦ ወንበራት ማለት ኣቦ ወንበርን ምክትል ኣቦ ወንበርን ካልኦት ሽማግሌታትን ይቐውም።

4. እታ ሽማግለ ነቲ ሓፈሻዊ ጉባኤ ትጽውዕን ተዳሉን።

5. እታ ሽማግለ ስሩዕ ዝኾነ ኣኼባታት ተካይድ።

6. ሽማግሌታት ማኅበር፡ ንማሕበር ክፋልጡን ክላልዩን ዝምድና ክፈጥሩን፡ ግቡኦምን ሓላፍነቶም እዩ።

## § 17 ሓላፍነት ኣካያዲት ሽማግለ

1 ኣካያዲት ሽማግለ ሓላፍነታ ምምሕዳርን ምቁጽጻርን ምክትታልን ስራሓትን ዕላማ ታትን ማሕበርን ከምኡ'ውን ነቲ ውሳኔታት ማሕበር ኣብ ግብሪ ንምትርጓምን ይኸውን። ኣባላት ማሕበር ብግቡእ ምእላይን ምስኣቶም ርክባት ምድልዳልን ከምኡ'ውን ምስ ካልኦት ተመሳሳሊ ዕላማ ዘለወን ማኅበራትን ውልቀሰባትን ርክባት ንምግባር ይሰርሕ።

## § 18 ምምሕዳር ማሕበር ሽማግለ

1. ኣካያዲት ሽማግሌ ብጉባኤ ምስ ተመርጸት ኣብቲ ቀዳማይ ኣኼባኣ ንኣቦ ወንበርን ተሓዝ ገንዘብን ከምኡ'ውን ነቶም ዝተረፉ ኣባላት ኣካያዲት ሽማግለ ብናይ ውሽጣዊ ስምምዕ ብምምራጽ በብቦትኦም ይሕዙ። ብድሕሪኡ ኣብ መዝገብ ማኅበር ይሰፍር ኣብቲ ፕሮ-ቶኮል ናይ ጉባኤ ኣትዩ ድማ ናብ ዝምልከቶ ኣካል መመዝገቢ መንግስቲ ይለኣኽ።

## § 19. ተሓጋገዝቲ / መወልቲ ኣካላት

1. ዕማም / ፍሉይ ስራሕ
ተሓጋገዝቲ ኣባላት ማሕበር ከም ፍሉያት ኣማኸርትን ተሓጋገዝትን ኮይኖም የገልግሉ።

ብስነ ፍልጠታዊ ኣገባብ ሃናጺ ዝኾነ ሓሳባትን ርእይቶታትን እናቕረቡ ዕላማታት ማኅበር ብግቡእን ብሒጋዊ መንገድን ከም ዝጐዓዙ ይገብሩ። ርክባት እውን ይፈጥሩ፡ ንሳቶም ነታ ኣካያዲት ኣካል ይኹን ወይ’ውን ነቲ ጉባኤ ዝኸውን ናይ ፕሮጀክት መደባት ወይ ምኽሪ ከበርክቱ መሰል ኣለዎም።

## ዕለት 24.08.2014 ተጋብኡ። ቦታ ፍራንክፈርት ኣም ማይን

ኣስማት

| | |
|---|---|
| ትንሣኤብርሃን ገ/ ሥላሴ | ቀሺ ኣሮን ክፍለ |
| ኣስፍሃ ኣስገዶም | ልዑል ዘርኣይ |
| ወልደሥላሴ ዓለም | ሕይወት ብርሃነ |
| መድኃኔ ገ/ኣምላኽ | |
| ኣለማሽ ተስፋማርያም | ምሉ ወልደጊዮርጊስ |
| ኣበባ ብሩ | ሕይወት ዘርኤ |
| የማነ ኣብርሃ | ፍረወይኒ የማነ |
| ቴድሮስ ገ/ ሚካኤል | |